## ኣኽልኦ ዓጽረ-ሽንቲ (ፕሮስቴት ካንሰር)
## ሕጽር ዝበለት መረዳእታ

ኣኽልኦ (ካንሰር) ኣብ ምሉእ ዓለም ካብ ዓመት ናብ ዓመት እናወሰኸ ይኸይድ ከምዘሎ ዘጠራጥር ኣይኮነን። ብ 2015 ዓ.ም. ጥራይ ኣብ ዓለም ካብ 8.7 ሚልዮን ንላዕሊ ሕሙማት ብሰንኪ ኣኽልኦ ምሟቶም ይፍለጥ። ኣብ ሃገርና ኢትዮጵያ እውን ብሕማም ኣኽልኦ ዝጥቅዑ ብዙሓት እዮም።



ኣባል **ቮይስ ኦፍ ሪዝን**፣ ዶክቶር ደስታ በየነ ብኣኽልኦ ዓጽረ-ሽንቲ (ፕሮስቴት ካንሰር) ዝገበርዎ ጽንዓት ኣብ ኣሜሪካ *The Prostate* ኣብ ዝተባህለ ናይ ምርምር መጽሔት ኣብዙ ቐረባ እዋን ዝወጸ ጽሑፍ ኣሎ። ትሕዝቶኡ ድማ ሕጽር ብዝበለ መልክዑ ኣኽልኦ ዓጽረ-ሽንቲ ኣብ ምንታይ ደረጃ ምብጽሑ ብትኽክል ዝሕብሩ ፕሮቲንስ ከም ዝተረኽቡ ዝገልጽ እዩ። ዶክቶር ደስታ በየነ መጀመርታ ትምህርቶም ኣብ ጅማ ሕርሻ ኮሌጅ፣ ካብኡ ኣብ ዓለማያ፣ ሓረር፣ ቀዳማይ ዲግሪ፣ ቀጺሎም ኣብ ዓዲ እንግሊዝ፣ ሬዲንግ ዩኒቨርሲቲ ማስተር ኦፍ ፊሎሶፊ፣ (M Phil) ኣብ ኣሜሪካ ድማ ዶክትሬት መዓርግ (Ph D) ዝተመረቑ እዮም። ኣብ ደብረ-ዘይት ናይ ሕርሻ ምርምርን ኣብ ሆለታ ሕርሻ ጣብያን ብንጥረ-ሓመድ ጽንዓት (soil science & Soil Micro Biology) ንብዙሓት ዓመታት ዘገልገሉ፣ ንዝሓለፉ ካብ ዕስራን ሓሙሽተን ዓመታት ንላዕሊ ድማ ኣብ ኣሜሪካ ኣብ Veterans Affair Medical Center, Howard University Cancer Center Medical Health Specialist ኮይኖም እናገልገሉ ዝጸንሑ ዓብዪ ብዓል ሞያ ሰብ እዮም።

ብዶክቶር ሰሎሞን ተሰማን ካልኦትን ብዝተገብረ ጽንዓት ኣብ ኢትዮጵያ ዝተፋላለዩ ዓይነታት ኣኽልኦ ቁጽሪ ዝገልጽ፣ ብ 2015 ናይ ዓጽረ-ሽንቲ ኣኽልኦ ካብ 21,563 ንላዕሊ ሕሙማት ደቂ ተባዕቶት ምንባሮም ተጠቒሱ ኣሎ። እዙይ ውሑድ እኳ እንተ መሰለ፣ ሕክምና ብምስኣን ናብ ሆስፒታል ከይመጹን ከይተቖጽሩን ዝሞቱ፣ ብኣኽልኦ ዓጽረ-ሽንቲ ዝሳቐዩ ኣሽሓት ሕሙማት ምህላዎም ብቐሊሉ ምግማት ይከኣል።

ኣብ ትግራይ ኮነ ኣብ ካልኦት ክፍልታት ኢትዮጵያ ንኣኽልኦ ዝምልከት ዓሚቑ መጽናዕቲ ወይ ብዛዕባኡ ዝገልጽ ጽሑፍ ክሳዕ ሕዚ ዝቐረበ የለን። ኣመጻጽኣ ኣኽልኦን ምክልኻልን ጠመተ ዝገበረ ጽንዓት ኣድላይነት ብምእማን፣ **ቮይስ ኦፍ ሪዝን** ምስ መቐለ ዩኒቨርሲቲን ምስ ዓይደር ሆስፒታልን ብምትሕብባር፣ ንቕድሚት እውን ምስ ካልኦት ብሔራት ኣብ ኣኽልኦ ዘትኮረ ምርምራት ንኸካይድ ጽኑዕ ድልየት ኣለዎ።

እቲ ጽንዓት ኣብ ጸለምቲ ኣሜሪካውያን (African Americans) ዝተኻየደ ምርምር ሠለስተ ኣማላኽትቲ ፕሮቲንስ፤ Annexin 2, SPINK1, and Hsp60 ዝተብሃላ፣ ብዝሓተን ብምዕቃን ናይቲ ሕማም ኩነታትን ኣብ ምንታይ ደረጃ በጺሑ ምህላውን ብትኽክል ምፍላጥ ከም ዝክኣል ዘረጋገጸ ጽንዓት እዩ። ካብዙ ምርምር እተረኽበ ፍልጠት መሰረት ብምግባር ድማ ኣብ ትግራይ እውን ተመሳሳሊ ናይ ዓጽረ-ሽንቲ ኣኽልኦ ምርምር ንምክያድ፣ ብተወሳኺ ከምኡ ዝበለ መጽናዕቲ እውን ንጡብ፣ ንማሕጸን፣ ንሳምባ፣ ንጨጎራ፣ ንኻልኦት ዓይነታት ኣኽልኦን እውን ምርምር ንምግባር ይሕግዝ እዩ። ስለዚ ብኣባል **ቮይስ ኦፍ ሪዝን** ዶክቶር ደስታ በየነ ተጸኒዑ ኣብ መጽሔት ዝወጸ ናይ ዓጽረ-ሽንቲ ኣኽልኦ መረዳእታ ንኹሉ ዝጠቅም ስለ ዝኾነ፣ ክቡራት ኣንበብቲ ነቲ ጽሑፍ ብጥንቃቐ ንኽተንብብዎ ሓደራ ንብል።

**ኮሚቴ ናይ**
**ቮይስ ኦፍ ሪዝን**


CommitteeforVoiceofReason
**voice.of.reason1@hotmail.com**

## Rferences (ሓበሬታ)

1. Global burden of Disease Collaboration. Fitzmaurice C. et. al. 2013. JAMA oncol. 1:505-527, 2015
2. The double mortality burden among adults in Addis Ababa, 2006-2009. Misganaw a. et al, 2012. Prev. Chronic Dis. 9E84.
3. Estimate of Cancer incidence in Ethiopia in 2015 using population-based registry data. Solomon Tessema, et al, 2018. Journal of Global Oncology.
4. Differential expression of Annexin 2, SPINK1 and Hsp60 predict progression of prostate cancer through bifurcated WHO Gleason score categories in African American men. Desta A. Beyene et al, 2018. The prostate 1-11.